# ወረቐት ምስክር ኮሮና ሰሜን-ኣየርላንድ ካብ ዕለት 18 ነሓሰ ኣትሒዙ ተቐባልነት ይረክብ

### ካብ ረቡዕ ዕለት 18 ነሓሰ ስዓት 15:00 ኣትሒዙ ኖርወይ ንወረቐት ምስክር ኮሮና ሰሜን-ኣየርላንድ ክትቕበሎ ኢያ። ንኖርወይ ኣብ ዝእተወሉ እዋን ሓቅነት ወረቐት ምስክር ኮሮና ሰሜን-ኣየርላንድ ንምርግጋጽ ኣብ ዶባት ኖርወይ ፍታሕ መረጋገጺ ኮድ- QR ኣብ ማዕላ ክውዕል ኢዩ።

መንግስታት ሳንማሪኖን ቫቲካንን ኣካል ፍታሕ መረጋገጺ ወረቐት ምስክር ኮሮና ኤውሮጳዊ ሕብረት ንምኳን ክበቕዓ ክኢለን ኣለዋ፡ እዚ መታን እዘን ወረቓቕቲ ምስክር ኮሮና እዚኣን እውን ኣብ ኖርወይ ተቐባልነት ንክረኽባ ዝዓለመ ኢዩ።

ብኣብያተ ጽሕፈት ኤውሮጳዊ ሰበስልጣን ጉዳያት ኣፋውስ/EMA ካብ ዝኣመነሎም ክታበታት ክልተ መራፍእ ክታበት ንዝወሰዱ ዜጋታት እዘን ሃገራት እዚኣን ንኖርወይ ናጻ ኬይኖም ክኣትው ይኽእሉ ኢዮም። ኣብዘን ዝሓለፉ ሽድሽተ ኣዋርሕ ሕማም ኮቪድ-19 ንዝሕለፉ እውን ብተመሳሳሊ ዝምልከቶም ይኹውን። ካብ መገሻዊ ውሸባ ይገላገሉ፡ ተመርሚሮም ኣሉታዊ መልሲ ከም ዘርኣዩ መረጋገጺ ንከቕርቡን ንኖርወይ ንምእታው ክምላእ ዘለዎ ቅጥዒ ምምላእ ወይ እውን ኣብ ዶብ ንክምርመሩን ኣይከድልዮምን ኢዩ።

ዜጋታት ሰሜን-ኣየርላንድ ንኖርወይ ብመገሻ መጺኦም ኣብ ኖርወይ ኣብ ሆቴል ተወሺቦም ዝጸንሑን ብቑዕ ወረቐት ምስክር ኮሮና ንዘለዎምን ካብዚ እዚ ለውጢ ኣብ ግብሪ ዝውዕለሉ ካብ ሮቡዕ ንኔው ካብቲ ተወሺቦ ዘለው ሆቴል ክወጽኡ ይኽእሉ ኢዮም።

ፍታሕ ወረቐት ምስክር ኮሮና ሰሜን-ኣየርላንድ ካብ ፍታሕ ሃገራት ወይልስን ዓዲ እንግሊዝን ክንድቲ ዝፍለ ኣይኮነን። ወረቐት ምስክር ኮሮና ሃገራት ወይልስን ዓዲ እንግሊዝን ንኖርወይ ንክኣትዉሉ ብዕለት 12 ነሓሰ ኢዩ ጸዲቑ።